# ክታበታት ቀውዒ-

**እዞም ክታበታት እዚኦም ስለምንታይ እዮም ኣገደስቲ?**
ናይ ኮቪድ-19፡ ኢንፍሉዌንጻ (ፍሉ) ከምኡ ድማ Respiratory Syncytial Virus (RSV, ናይ ምስትንፋስ ስንክትያል ቫይረስ) ክታበታት ንስግኣተ-ሓደጋ ናይ ከቢድ ሕማም የጒድሉ። ንኹሎም ሰለስተ ክታበታት ኣብ ሓደ እዋን ክትወስድዎም ይክኣል እዩ።

## ክታበት

## ንኽወስዶ ዝምከር መን እዩ?

## ኢንፍሉዌንዛ

ን 4 ዓይነታት ናይ ኢንፍሉዌንዛ ቫይረስ ዝዓለመ እዩ።

**ነፍስ ወከፍ 6 ኣዋርሕን ልዕሊኡን ዝዕድሚኡ ሰብ** ዶዝ ክወስድ ኣለዎ፡ ዋላ'ውን ናይ እንቋቑሖ ኣለርጂ ዘለዎ ሰብ።

**8 ዓመታትን ትሕቲኡን ዝዕድሚኦም ቆልዑ** ኣብ ቀዳማይ ወቕቶም ክልተ ዶዛት ክወስዱ ኣለዎም።

## ኮቪድ-19

ን XBB፡ ኦሚክሮን ንኡስ-ዓይነት ዒላማ ክገብር እተሓደሰ።

ዝተሓደሱ ናይ ሞደርና፡ ፋይዘር ከምኡ ድማ ኖቫቫክስ ክታበታት ኣለዉ።

CDC ከምዝላበዎ **ነፍስ ወከፍ 6 ኣዋርሕን ልዕሊኡን ዝዕድሚኡ ሰብ** ዝተሓደሰ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት እንተውሓደ 2 ኣዋርሕ ድሕሪ ናይ መውዳእታ ዶዞም ክወስዱ ኣለዎ።

- መብዛሕትኦም ተኸቲቦም ዘይፈልጡ ሰባት ሓደ ዶዝ ፋይዘር/ሞደርና ወይ ክልተ ዶዛት ኖቫቫክስ ክወስዱ የድልዮም እንተድኣ እዋናዊ ክታበት ከምዝወሰዱ ክቑጸሩ ኾይኖም።
- ተኸቲቦም ዘይፈልጡ ካብ 6 ኣዋርሕ ክሳብ 4 ዓመታት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ገና ክልተ ወይ ሰለስተ ዶዛት ናይ ኮቪድ-19 ካታበት ክወስዱ ይምከሩ።

## RSV[1]

ንRespiratory Syncytial Virus (RSV, ናይ ምስትንፋስ ስንክትያል ቫይረስ) ዒላማ ዝገብር። RSV ከቢድ ናይ ምስትንፋስ ሕማም ኣብ ዕሸላትን ዓበይቲ ሰባትን ከስዕብ ይኽእል።

**Aዕድሚኦም 60ን ልዕሊኡን ዝኾኑ ዓበይቲ ሰባት** ብዛዕባ ክታበት RSV ንሓኪሞም/ፋርማሰኻኦም ክሓቱ ኣለዎም።

**ጥኑሳት ሰባት** ሓደ ዶዝ ኣብ መንጎ 32 ከምኡ ድማ 36 ሰሙናት ኣብ እዋን ናይ RSV ወቕቲ ክረኽባ ኣለወን (እቲ ህጻን ድሕሪ ምውላዱ/ዳ ንኣዋርሕ ዝቕጽል ሓላዋ ክረክብ እዩ)።

[1] እንተድኣ ጥንስቲ ሰበይቲ ነቲ ክታበት RSV ዘይወሲዳ፡ እቲ/ታ ህጻን ሓደ ዶዝ RSV ሞኖክሎናል ጸረ ኳና ኣካል ክወስድ ኣለዎ። ኣብ ዝለዓለ ስግኣተ-ሓደጋ ዘለዉ ብዕድመ ዝዓበዩ ህጻናት/እግረ-ተኽልታት ክሳብ 19 ኣዋርሕ ዝዕድሚኦም እውን ሓደ ዶዝ ክረኽቡ ይምከሩ።

ALAMEDA COUNTY HEALTH CARE SERVICES AGENCY
PUBLIC HEALTH DEPARTMENT

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ናብዚ ዝስዕብ ብጽሑ
covid-19.acgov.org/vaccines
ወይ ነቲ ክዩ-ኣር ኮድ ስካን ግበርዎ:

ካብዚ ዝስዕብ እተራዕመ "ናይ ቀውዒ 2023 ክታበታት" ብ Katelyn Jetelina, MPH PHD ከምኡ ድማ Caitlin Rivers, MPH PHD ኣብ *ናይ ከባቢ ኹም ክኢላ ተመሓላለፍቲ ሕማማት* and CDPH's flyer: https://eziz.org/assets/docs/IMM-1481.pdf